Department of Families, Fairness and Housing

GPO Box 1774
Melbourne Victoria 3001
Telephone: +61 3 9096 0301
www.dffh.vic.gov.au

Tigrinya | ትግርኛ

# ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ኖርዝ ሜልቦርን ዝተገብረ ለውጥታት

ዝኸበርኩም ነበርቲ፣

ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ኖርዝ ሜልቦርን ብዛዕባ ብኸመይ ብኣካል ኣገልግሎት ክትረክብ ከም ትኽእል ኣገዳሲ ለውጢ ንምሕባር ኢና ንጽሕፍ ዘለና።

**ካብ ረቡዕ 21 ጥሪ/January 2026 ዓ›ም**
ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ኖርዝ ሜልቦርን ምስ ሓላፊ መንበሪ ኣባይቲ ብኣካል ክትራኸብ እንተ ደሊኻ ኣቐዲምካቈጸራ ሓዝ።

## ንጉጅለና ብኸመይ ክትረኽብዎም ትኽእሉ?

- ከም ልሙድ ናብ ናይ ኖርዝ ሜልቦርን ሓላፊ መንበሪ ኣባይቲ ክትድውሉ ወይ ኢ-መይል ክትልእኹ ትኽእሉ ኢኹም
- ኣብ ኖርዝ ሜልቦርን ብምድዋል ወይ ናብ ጉጅለና ኢ-መይል ብምልኣኽ ብኣካል ንምርካብ ቈጸራ ክትሕዙ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖርዝ ሜልቦርን ካብ 21 ጥሪ/January ጀሚሩ ብኣካል ምምጻእ ኣይካኣልን እዩ።

## እዚ ስለምንታይ እዩ ዝቕየር ዘሎ?

ካብ 21 ጥሪ/January ጀሚሩ ጉጅለ መንበሪ ኣባይቲ ኖርዝ ሜልቦርን ናብ **ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኣስኮት ቬይል** ይግዕዝ ኣሎ፡ እዚ ድማ ብምኽንያት ናይቲ ጎደና 33 ኣልፍሬድ/Alfred Street ተወሳኺን ዝሓሸን ኣባይቲ ንምድላው እንደገና ምህናጽ እዩ።

ጉጅለና ሕጂ እውን ክድግፍኹም ድሉዋት እዮም፣ ከም ልማዱ ድማ ብተሌፎን ወይ ብኢ-መይል ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣብ ኣስኮት ቨይል ናይ ብዘይቆጸራ ደገፍ ኣሎ

ምስ ሓደ ሰብ ብዘይ ቈጸራ ብኣካል ክትዘራረቡ እንተ ደሊኹም ናብቲ ኣብ ቀንዲ ጎደና 12 ቸርቸል/Churchill Avenue: ኣስኮት ቨይል ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኣስኮት ቨይል ክትበጽሑ ትኽእሉ ኢኹም። ዝኽፈተሉ ሰዓታት፡- ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ንጉሆ ሰዓት 8:45am ክሳዕ ድሕሪ ቀትሪ 5 00pm።

**ኣብ ኖርዝ ሜልቦርን ቈጸራ ምሓዝ**
ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣስኮት ቨይል ክትሳተፉ ዘይትኽእሉ እንተ ኾንኩም ወይ ኣብ ኖርዝ ሜልቦርን ክትሳተፉ እንተ ደሊኹም ብኽብረትኩም ካብ 21 ጥሪ/January 2026 ዓ›ም ጀሚርኩም **ቈጸራ ንምሓዝ ምስ ናትኩም ሓላፊ መንበሪ ኣባይትኹም ተራኸቡ።**

**ሕቶታት**
ዝኾነ ሕቶታት እንተ ኣለኩም ብኽብረትኩም ምስ ናትኩም ሓላፊ መንበሪ ኣባይቲ ተራኸቡ ወይ ከኣ ናብ 1300 360 462 ደውሉ።

ምስ ሰላምታ፣

ቤሊንዳ ዶሪያን፡
ግዝያዊ ኣካያዲ ስራሕ ኣገልግሎታት ደገፍ ዓማዊልን ኣባይትን
ምዕራባዊ ኽፍሊ
1300 360 462